**ዞባ ሻፋውዘን**

**ወሃቢ ኣገልግሎት ናይ ዞባ ሓኪም**

Mühlentalstrasse 105

CH-8200 ሻፋውዘን

www.sh.ch

sh.ch

ወሃቢ ኣገልግሎት ናይ ዞባ ሓኪም

ናብ ወለዲ ናይ ተማሃሮ መባእታ

ቤት\ትምህርቲ

ሻፋውዘን, 7. ሰነ 2021

**ብተደጋጋሚ ዝግበር ናይ ኮሮና መርመራ ኣብ መባእታ ቤት\ትምህርታት**

ዝኸበርኩም ወለዲ

ኣብ ቤት\ ትምህርታት ካልኣይ ደረጃ Iን IIን ድሕሪ ናይ ጽድያት ዕረፍቲ ብተደጋጋሚ ናይ ኮሮና መርመራ- ናይ ጥፍጣፍ ብዓወት ተዛዚሙ። ኣብዘን ዝሓለፋ ክልተ ሰምንቲ፣ እዚ ብተደጋጋሚ ዝተገብረ ናይ ኮሮና መርመራ፣ ከም ሓደ ፕሮጀክቲ ተወሲዱ ይስራሓሉ ጸኒሑ፣ ከምኡውን ኣብ መባእታ ቤት\ትምህርቲን መዋእል ህጻናትን ናይ ዶርፍሊንኘን ተኻዩዲ። ብኸምዚ ኣገባብ እቲ መስርሕ ከምኡውን ጠለባት ናይ ታሕተዋይን ማእከላይን ደረጃ መማእታ ክምርመርን ክስተኻኸልን ኪኢሉ። ውጽኢት ናይቲ ፕሮጀክቲ ከም ዝሕብሮ፣ ብተደጋጋሚ ዝገበር ናይ ኮሮና መርመራ ወላውን ምስ ነኣሽቱ ተማሃሮ ክግበር ከም ዝከኣል ኣፍሊጡ። ከምኡውን ቤት\ትምህርታት ነቲ ብድሆታት ኣብ ትሕቲ ቁጽጽሮም ከእትውዎ ከምዝኽእሉ ኣረጋጊጹ።

ኣወንታዊ ዝኾነ ተመኩሮ ብምኽንያት ለብዒ ኮሮና እንዳነከየ ይኸይድ እኳ እንተሎ፣ ባይቶ መንግስቲ ለበዳ ኮሮና ኣብ ቤት\ትምህርታት ከጋጥም ከም ዝኽእል ተዛሪቡ። ስለዚ ድማ መባእታዊ ኣብያተ ትምህርቲ ነቲ ብተደጋጋሚ ዝግበር ናይ ኮሮና መርመራታት ንምትግባር፣ ብግቡእ ክዳለውሉን ክወዳድቡን ኣለዎም። ብመሰረት ግብእ ዝኾነ ምድላው ኣብ ግዜ ሕማቅ ኩነታት፣ ዞባ ነቲ ብተደጋጋሚ ዝግበር መርመራታት ብቕልጡፍ ኣብ ኩለን ናይ መባእታ ኣብያተ ትምህርቲ ክትግበር ምሕጽንታ የመሓላልፍ። እንተደኣ ኮሮና ብብዝሒ ኣብ ቤት\ትምህርቲ ክርአ ኪኢሉ፣ እቲ ዝግበር መርመራታት ከም ተወሳኺ መሳርሒ ነቲ ናይ ቅድሚ ሕጂ ዝተወስደ መርመራታትን ወጽኢቱን፣ ንኸይላባዕ ንምቁጽጻር ብኣገልግሎት ናይ ዞባዊ ሓኪም ኣብ ዝተወሰነ ቦታን ግዜን ከምዝካየድ ይገብሩ። ናይ

ቤት\ትምህርቲ ሓለፍቲ ቅድሚ ኮሮና ኣብ ቤት\ትምህርቲ ምቅልቃሉ፣ ብተደጋጋሚ ናይ ኮሮና መርመራታት ኣብ መባእታ ቤት\ትምህርታት ንኽካየድ፣ ጠለብ ናብ ኣገልግሎት ዘባዊ ሓኪም ንኽቕርቡ፣ ተኽእሎ ኣለዎም።

ኣብቲ ብተደጋጋሚ ዝግበር ናይ ኮሮና መርመራ ፣ ተምሃሮ ሓደ ግዜ ኣብ ሰሙን ኣብ ክፍሎም ጥፍጣፍ ይህቡ (ንመርመራ ዝኸውን ካብ ኣፍንጫ ኣይውሰድን እዩ)። እቲ ናይ ጥፍጣፍ መርመራ በቲ ዝምልከቶ ኣካል ብኽምዚ ኣገባብ ይካየድ፣ ኣብቲ በታ ኩሎም ተማሃሮ ብሓባር ጥፍጥፎም ኣብ ሓደ መትሓዚ የረክቡ። (ክሳብ 10 ዝኸውን ጥፍጣፋት ንመርመራ ይሕወሱ) እቲ ኣብ መትሓዚ ዝተገብረ መርመራ፣ ኮሮና ምስ ዝርከበ፣ ድሕሪኡ ብቀጥታ ናይ ነፍሲ ወከፍ ተምሃራይ ናይ በይኑ መርመራ ይግበረሉ፣ እዚ ዝግበር ድማ፣ ነቶም ብኮሮና ተለኺፎም ዘለዉ ተማሃሮ ብቕልጡፍ ንምርካብ ብዝብል እዩ። ብተወሳኺውን እቶም ተማሃሮ ኣብቲ ብእኩብ ናይ ኮሮና መራመሪ፣ ኮሮና ዝተረኽቦም፣ ነፍሲ ወከፎም ናይ PCR-መርመራ ንኽገብሩ ሕቶ ይቀርበሎም። ንቖልዑ ትሕቲ 12 ዓመት ንዘለዉ፣ መርመራ ናይ ጥፍጣፍ ብምውሳድ ኣዩ ዝካየድ፣ እንተኾነ ግን እቶም ቆልዑ ቅድሚ ነቲ ጥፍጣፍ ንመርመራ ምሃቦም፣ ብዉሑዱ ንሓደ ሰዓት ዝኸውን ማይን መግብን ክሰተዩን ክበልዑን ኣይፍቀድን እዩ። ካብ 12 ዝዕድሚኦም ቆልዑ ፣ እንታይ ዓይነት መርመራ ክግበረሎም ከም ዝደልዩ፣ ናይ ጥፍጣፍ ወይ ብፍንጫ ባዕሎም ይውስኑ። ብክልቲኡ ናይ ላቦራቶሪ PCR ዝብሃል መርመራ ክገብር ይከኣል።

ወላውን ኣብቲ ብእኩብ ዝግበር ናይ ኮሮና መርመራ፣ ኮሮና እንተ ተረኺቡ፣ ትምህርቲ ኣብ ክፍሊ ክቕጽል እዩ። እታ ክፍሊ ግን ካብቶም ካልኦት ክፍልታት ክትግለል እያ። ካብ 4 ክፍሊ ንላዕሊ ዘለዉ ተማሃሮ፣ ክሳብ ውጽኢት ዝመጽእ ኣፎምን ኣፍንጮኦምን ብማከራ ክሽፍንዎ ኣለዎም። እቲ መስርሕ ምስተዛዘመ፣ እዚ ድማ ብመሰረቱ 48 ሰዓታት እዩ ዝወስድ፣ ድሕሩኡ ናብቲ ንቡር ትምህርቶም ይምለሱ። እቶም ተምሃሮ፣ ኣብ ብተደጋጋሚ ዝግበር መርመራታት ኮነ ምስኡ ቀጺሉ ዝግበር ናይ ኮሮና ናይ ውልቆም ናይ PCR ዝብሃል መርመራ ምስ ዘይሳተፉ ከምኡውን ኮሮና ኣለዎምን የብሎምን ከረጋግጹ ምስ ዘይክእሉ፣ ኣብ ገዛ ክውሸቡ ኣለዎም። እቶም ተማሃሮ ካብቲ ውሸባ ንኽወጹ፣ ናይ ውልቆም ናይ PCR ዝብሃል መርመራ ንኽገብሩ ወልዲ ባዕሎም ሓላፍነት ወሲዶም ከመርምርዎም ኣለዎም።

ኣብ መርበብ ሓበሬታ [www.sh.ch/corona](http://www.sh.ch/corona) ኣብ ትሕት [«Alles rund ums Testen»]() ዝብል፣ ተወሳኺ ሓበሬታ ብዛዕባ ብተደጋጋሚ ዝግበር መርመራታት ትረኽቡ። ተማሃሮ ኣብ ክፍሎም ብዛዕባ ኣተገባብሩኡ ንዝምልከት ብዝርዝር ክንገሩ ኢዮም።
ብተወሳኺውን ሕቶ ምስዝህልወኩም ናይ ቤት\ትምህርቲ ሓለፍቲ ሕቶኹም ንምምላስ ድሉዋት ኢዮም።

ውላድኩም ኣብቲ ብተደጋጋሚ ዝግበር ናይ ኮሮና መርመራ ንኽሳትፍ ፍቃድ ምስትህቡ፣ ብጣዕሚ ኢና ንሕጎስ በዚምኽንያትውን ምስ ተማሃሮን መምሃራንን ዘለኩም ሓድነት ተረጋግጹ። ብዝተኻእለኩም መጠን ነቲ ምስቲ ደብዳቤ ዝመጽ ቅጥዒ መሊእኩም ዓርቢ ብዕለት 11. ሰነ 2021, ንቤት\ትምህርቲ ሒዝዎ ንክኸይድ፣ ንውላድኩም ሃብዎ።

ምብትሕግጋዝኩም ብጣዕሚ ኢና ነመስግን።

ምስናይ ሰላምታ

Dr. med. Elke Lenz-Agnes

Stellvertretende Kantonsärztin